Flüchtlingsrat
Sachsen-Anhalt e. V.

# ክንክን ጥዕና ብ መሰረት ሕጊ ናይ ሓተትቲ ዑቕባ (Asylbewerberleistungsgesetz)

ክንክን ጥዕና ኣገዳስን ኣድላይን ኰይኑ፣ ንኹሉ ሰብ ከኣ ብማዕረ ክበጽሖ ኣለዎ። በዚ መሰረት ከኣ ነቶም ጉዳይ ዑቕባ ዝተጻፈፈሎምን ዘይተጻፈፈሎምን፣ ብተዳጋጋሚ ሕቶታትን ጸገማትን ከስዕበሎም ይኽእል ኢዩ። መብዛሕቲኡ ግዜ ድማ ነቶም ሓተትቲ ዑቕባ፣ ናይ ጥዕና ክንክን ንኽግበረሎም ብዙሕ ጻዕሪ የድሊ። እዚ ዝስዕብ ሓበሬታ ከኣ ብኸመይ ምሉእ ክንክን ክትረኽቡ ከም እትኽእሉ ክሕግዘኩም ኢዩ።

gefördert durch: SACHSEN-ANHALT Ministerium für Arbeit, Soziales und Integration · #moderndenken · PRO ASYL DER EINZELFALL ZÄHLT. · UNO Flüchtlingshilfe Deutschland für den UNHCR.

Stand: Oktober 2021

TY

### እዞም ዝስዕቡ ሓበሬታታት ንዓይ ይምልከቱኒዶ ፧

ነቶም ሓተትቲ ዑቕባ ብመሰረት ሕጊ ዓንቀጽ § (ሰለስተ)3 ዶሞዝኩም እትወስዱ፣እዞም ዝስዕቡ ሓበሬታታት ንዓኻትኩም ይምልከተኩም ኢዩ።

ነቶም ሓተትቲ ዑቕባ ብመሰረት ሕጊ ዓንቀጽ § ክልተ (2) ዶሞዝኩም እትወስዱ ግን፣እዞም ዝስዕቡ ሓበሬታታት ንዓኻትኩም ኣይምልከተኩምን ኢዩ። ምኽንያቱ ቀጻሊ ናይ ጥዕና ዉሕስነት ብሕጊ ስለ ዝግበኣኩም፣ ብተወሳኺ ውን ናይ መሕከሚ ካርድ (Chipkarte) ዘጠቓለለ ኣቕዲሙ ስለ ዝወሃበኩም። ምናልባት ኣብ ሕክምና ወይ ቤት መንግስቲ ጸገማት ምስ ዘጋጥመኩም ወይ ድማ ዘይፍትሓዊ ኣድልዎ ኣብ ልዕሌኹም ምስ ዝፍጸም፣ ናብ ኣማኸርቲ ሕጊ ወይ ከኣ ናብ ኣማኸርቲ ሓተትቲ ዑቕባ ብዘይ ስክፍታ ክትውከሱ ኣለኩም።

ብ ኸመይ መሕከሚ ካርድ (Chipkarte) ክወሃበኒ ይኽእል ፧

1. ኣብ ጀርመን ን ልዕሊ 18 ኣዋርሕ ምስ ትቕመጡ።
2. ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ምስ ዘይንጸግን ዝኾነ ዘይሕጋዊ ገበን ምስ ዘይትገብርን።

ኣብ ጀርመን ን ልዕሊ 18 ኣዋርሕ ምስ እትቕመጡ፣ መሕከሚ ካርድ (Chipkarte) ንኽትወስዱ ምሉእ መሰል ኣለኩም። እቶም (Sozialamt) ባዕላቶም ከሳጋግሩኹም እዮም። ምናልባት መሕከሚ ካርድ ኣንተ ዘይወሲድኩም፣ እሞ ኸኣ መሰልኩም ሙኺኑ እንተ ፈሊጥኩም ግን፣ ናብ ኣማርቲ ሕጊ ክትውከሱ ኣለኩም።

### ኣነ ብመሰረት ሕጊ ዓንቀጽ ሰለስተ ዶሞዘይ ይወስድ። ናብ ሕክምና ክኸይድ ይፍቀደኒ ድዩ ፧

ብርግጽ። ምልክት ሕማም እንተ ተሰሚዕኩም ወይ ውን ሕዱር ሕማም ምስ ዝህልወኩም ከምኡ ዉን ማህረምቲ ምስ ዘጋጥመኩም፣ ብህጹጽ ኣማኸርቲ ጥዕና ድለዩ። ኣብ እትሓሙሉ ግዜ ከይገደደ እንከሎ ብቕልጡፍ ናብ ሕክምና ክትከዱ ይግባእ።

### ናይ መሕከሚ ገንዘብ ብኸመይ መንገዲ ክኸፍሎ ይክእል ፧

ብመሕከሚ ወረቓት (Behandlungsschein) ብናጻ ክትሕከሙ ትኽእሉ ኢኹም። እቲ መሕከሚ ወረቓት (Behandlungsschein) ንሓኪም ኣንተ ኣርኢኹሞ፣ እቲ ዝመጻኩም ሕሳብ ብመንግስቲ ክኽፈለልኩም ኢዩ።

ኣብ ግዜ ህጹጽ ረዲኤት ግና ብዘይ መሕከሚ ወረቓት (Behandlungsschein) ክትሕከሙ ትኽእሉ ኢኹም፣ እንተኹነ ግን ካብቲ ዝተሓከምኩሙሉ ግዜ ድሕሪ (10) መዓልታት እታ መሕከሚ ወረቓት (Behandlungsschein) ከተምጽኡሎም ኣለኩም። ኣብ ናይ ሂወት ኣድሕን ኩነታት ግን ()ምሉእ ሓላፍነት ናይ ሕክምና ይስከሞ። እቲ መሕከሚ ሕሳብ ብድሕሪኡ ስዒቡ ይመጽእ።

### ክንደይ ዓይነት መሕከሚ ወረቓት (Behandlungsschein) ኣለዉ ፧

ክልተ ዓይነት መሕከሚ ወረቓት (Behandlungsschein) ኣለዉ፣ ንሳቶም ከኣ ናይ ሰለስተ ወርሒን ናይ ሓደ ግዜን መሕከሚ ወረቓት (Behandlungsschein) ይብሃሉ።

### በዚ ዝስዕብ ከኣ ይፈላለዩ፣

1. ብኸመይ መሕከሚ ወረቓት (Behandlungsschein) ከም ዝመጸካ
2. ነየናይ ዓይነት መሕከምን ንኽንደይ ዝአክል ግዜ (Behandlungsschein) ኸ የገልግሉ።

ናይ ሰለስተ ወርሒ መሕከሚ ወረቓት (Behandlungsschein) ወይ ከኣ ናይ ሓደ ግዜን መሕከሚ ወረቓት (Behandlungsschein) ንኽትወስድ እቲ ትነብረሉ ዞባ ወይ ከባቢ እዩ ዝውስኖ።

እቲ መሕከሚ ወረቓት (Behandlungsschein) ኩሉ ግዜ ካብ ሶስያልኣምት (Sozialamt) እዩ ዝውሃበኩም። ሓደ ሓደ ግዜ ድማ እቶም መሕከሚ ወረቓት (Behandlungsschein) ዝዕድሉ ካልእ ኣስማት ክህልዎም ይኽእል እዮም፣ ንኣብነት »Migrationsagentur« im Burgenlandkreis.

### ብኸመይ መንገዲ መሕከሚ ወረቓት (Behandlungsschein)ክወሃበኒ ይኽእል ፧

ናይ ሓደ ግዜን መሕከሚ ወረቓት (Behandlungsschein) ኣብ ዝ ሓመምክሙሉ ግዜ ወይ ከኣ ኣብ ሕክምና ክትከዱ ዝ ደለኹምሉ ግዜ ካብ ሶስያል ኣምት (Sozialamt) ክወሃበኩም እዩ።

እዚ ዝተጠቕሰ ወረቓት እዚ ዝተወሰነ ግዜ ኣለዎ፣ ዝወድቀሉ ዕለት ድማ ኣብቲ ወረቓት ተጻሒፉ ኣሎ። እንደገና እንተ ሓሚምኩም ከኣ ከም ብሓድሽ ካብ ሶስያል ኣምት (Sozialamt) መሕከሚ ወረቓት

(Behandlungsschein) ከተምጽኡ ኣለኩም።

ናይ ሰለስተ ወርሒ መሕከሚ ወረቓት (Behandlungsschein) ኣብ ነፍሲ-ወከፍ (3) ወርሒ ክወሃበኩም እዩ። እቲ ወረቓት ብ መልክዕ ደብዳቤ ናብ ገዛኹም ክሰዱልኩም ወይ ድማ ባዕልኹም ኬድኩም ከተምጽእዎ ዝከኣል እንተ ኰይኑ ተወከስዎም። ኣብ ዝሓመምክሙሉ ግዜ ወይ ከኣ ኣብ ሕክምና ክትከዱ ዝ ደለኹምሉ ግዜ እቲ መሕከሚ ወረቓት (Behandlungsschein) ንሓኪምኩም ኣርእዩዎ። እንደገና እንተ ሓሚምኩም ከኣ ነቲ መሕከሚ ወረቓት (Behandlungsschein) ደጊምኩም ክትጥቀሙሉ ይከኣል እዩ።

### መሕከሚ ወረቓት (Behandlungsschein) እንተ ዘይብለይ፣ እንታይ ክገብር ኣለኒ ፧

መብዛሕቲኡ ግዜ እቲ ዝቐርብ ናይ ጥዕና ጥርዓን፣ ብተገዳስነት ኣይስማዕን እዩ። እቲ መሕከሚ ወረቓት (Behandlungsschein) ሓደ ሓደ ግዜ ድማ ዘይክሰልጥ ይኽእል እዩ።

ምስ ሰራሕተኛ መንግስቲ ክትዘራረቡ ፈትኑ። ጥርዓንኩም ኣብ ዝንጸገሉ ግዜ ድማ፣ ነዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ተጠቂምኩም ምሉእ መሰልኩም ሕተቱ።

- ክንክን ጥዕና መሰረታዊ ክግበር ዘለዎ ኮይኑ፣ ነፍሲ-ወከፍ ከኣ መሰል ኣለዎ።
- ዝኾነ ሕማማት ብግቡእ እንተ ዘይተፈዊሶም፣ ኣብ ነብስኻ ክሰርጹ ይኽእሉ እዮም
- እቶም ጸገም ናይ ኣስናን ዘለኩም ሰባት ውን ብቕልጡፍ ናብ ሓኪም ብምኻድ ግቡእ ምክንኻን ክትግበሩ ኣለኩም። ምኽንያቱ ካልእ ሳዕቤን ከኽትለልኩም ስለ ዝኽእል፣ ንኣብነት ጸገም ምሕቓቕ መግብን ከምኡ ውን ቃንዛን።

- ኣብ ግዜ ሕማም እትወስድዎ ዓይነት መድሃኒት ሓኪም ጥራይ እዩ ክውስነልኩም ዝኽእል። ዝኾነ ሰራሕተኛ መንግስቲ ብዝዕባ እትወስድዎ ዓይነት መድሃኒት ክውስንልኩም ኣይግባእን።
- ኣብ መንጎ ቐልጢፉ ዝላባዕ ሕማምን ቐስ ኢሉ ዝላባዕ ሕማምን ዘሎ ፍልልይ ዋላ ውን ነቶም ጀመርቲ ሓካይም የሸግሮም እዩ።

ካብዚ ወጻኢ ውን ነፍሰ ወከፍ ሰብ ነናቱ ናይ ጥዕና ጸገም ክህልዎ ስለ ዝክእል፣ንኣብነት ከም ናይ መስምዒ እዝኒ ሓገዝ፣ መነጸር ናይ ዓይኒ ፣ ከምኡ ውን ናይ ስነ ኣካልን ስነ ኣእምሮን ሓገዝ ምስ ዘድልየኩም። ብተወሰኺ ከኣ ምሉእ መርመራ ምስ ዘድልየኩም ናብ ሶስያልኣምት (Sozialamt) ክትውኮሱ ትኽእሉ ኢኹም።

ናይ መሕከሚ ወረቐት ሕቶኹም ምስ ዝንጸግ፣ ብቑልጡፍ ናብ ኣማኸርቲ ሕጊ ወይ ውን ናብ ኣማኸርቲ ሓተትቲ ዑቅባ ክትውከሱ ኣለኩም። ጉዳይኩም ኣብ ዝንጸገሉ ግዜ፣ ብመልክዕ ጽሑፍ ክወሃበኩም ኣለዎ። ይግባይ (»Widerspruchsfrist«) ንክትብሉ ዉሕድ ግዜ ከም ዘለኩም ኣብ ግምት ኣእትዉዎ።

## ፍሉይ ሕክምናዊ ክንክን ምስ ዘደሊ እንታይ የድልየኒ ፧

ኣቐዲምኩም ናብ ናይ ሓኪም ገዛ ክትከዱ ኣለኩም። ብድሕሪ እዚ እቲ ናይ ሓኪም ገዛ ናብቲ ዝግባኡኩም ሕክምና ከሰጋግረኩም እዩ። ብተወሳኺ ከኣ ነቲ ሕማምኩም ዝገልጽ ጽሑፍ መሰነይታ ወረቐት (Überweisungsschein ) ክትውሃቡ ኢኹም። እቲ ሶስያልኣምት (Sozialamt) ነቲ ናይ ሕክምና ጠለብ ርእዩን ኣረጋጊጹን እዩ ክቕበሎ ዝኽእል ።

ከምኡ ውን ደጊሞም ሶስያል ኣምት ብኣካል ክጽዉዑኹም ይኽእሉ እዮም።

## ኣየናይ ዓይነት ክንክን ይግባኣኒ ፧

መብዛሕቲኡ ግዜ ብመሰረት ሕጊ ናይ ሓተትቲ ዑቅባ ዓንቀጽ § 4 ቀልጢፎም ዝላብዑ ሕማማትን ቃንዛ ዘስዕቡ ሕማማትን ፍሉይ ሕክምናዊ ክንክን ክግበረሎም ይግባእ። ብዘዕብኦም ሰሚዕኩም ውን ትኾኑ። ከም ኡ ውን ብመሰረት ሕጊ ናይ ሓተትቲ ዑቅባ ዓንቀጽ § 6 ጥዕናዊ ክንክን ከም ዝግባእ ይገልጽ።

## እዞም ዝስዕቡ ናይ ጥዕናዊ ክንክን መሰል ኣለዉኹም።

- ኩሉ ግዜ ተላባዕቲ ሕማማት ምስ ዝ ህልውኹም።
- ኩሉ ግዜ ንተላባዕቲ ሕማማት ክንክን ምስ ዘድልየኩም፣ ከምኡ ድማ ቀልጢፎም ዘይላብዑ ሕማማት እንዳ ማዕበሉ ምስ ዝኸዱ።
- ኩሉ ግዜ ቀልጢፎም ዘይላብዑ ሕማማት እንዳ ማዕበሉ ምስ ዝኸዱ።
- ብተደጋጋሚ ቃንዛ ምስ ዝህልወኩም።
- ናይ ስነ ኣካልን ስነ ኣእምሮን ሕማም ምስ ዝህልወኩም።

## ብተወሳኺ ውን እዞም ዝስዕቡ መሰላት ብዘይ ገደብ ክግበርልኩም ይግብእ።

- ቅድሚ ሕርስን ድሕሪ ሕርስን ዘሎ ግዜ ምሉእ ምክንኻ ይግበረልኩም።
- ድሕሪ ሕርሲ ምሉእ ቀረባት ናይ ህጻን።
- ምሉእ ክንክን ናይ ክታበት፣ ንኣብነት ከም በዓል፣ፖልዮ፣ ቲታኑስ።
- ምሉእ መርመራ ናይ ጥዕና።

እዞም ዝጠቐስናዮም መሰላት ብግቡእ ክግበረልኩም ኣለዎም። ድሌታትኩም ካብ እዚኦም ወጻኢ ምስ ዝኾኑ ግና ክትውከስዎም ኣለኩም።

---

**ዝበዝሑ ቤት ጽሕፈታት ሕክምናዊ ክንክን ዝ ህብዎ ኣገልጉሎት ዝተወሰነ ኢዩ። ብመሰረት ቤት ፍርዲ ዝተወሰነ ግና ነፍሲ ወከፍ ሰብ ምሉእ መስልን ግደታን ኣሎዎ።**
**መሰልኩም ዝተጋህሰ ኰይኑ እንተ ተሰሚዒኩም ግና ናብ ኣማኸርቲ ሕጊ ወይ ድማ ናብ ኣማኸርቲ ሓተትቲ ዑቅባ ክትውከሱ ኣለኩም።**
**ጉዳይኩም ኣብ ዝንጸገሉ ግዜ፣ ብመልክዕ ጽሑፍ ክወሃበኩም ኣለዎ። ይግባይ (»Widerspruchsfrist«) ንክትብሉ ዉሕድ ግዜ ከም ዘለኩም ኣብ ግምት ኣእትዉዎ። ከምኡ ውን ክሳብ መዓስ ግዜ ከም ዘለኩም ኣብቲ ወረቐት ተጻሒፍልኩም ኣሎ።**

---

## ኣብ ልዕሊ ጥዕናዊ ክንክን እንታይ ደገፍ ክወሃበኒ ይኽእል፧

እዞም ዝስዕቡ ትሕዝቶታት ከኣ የጠቓልሉ፣

- እኹል መድሃኒት(ኻኒና)፣ መሸፈኒ ቑስሊ(Verbandsmittel)
- ንመንቀሳቐሲ ዝሕግዙ ክፋል ኣካላት (Prothesen) መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን።
- ብድሕሪ ሕማም ዘሎ ምሉእ ክንክን፣ ኣብ ገዛ ጥዕናዊ ክትትል ዝገብሩልካ፣ናይ ገዛ ሰራሕተኛ ሓገዝ፣ እኹል ናይ መድሃኒት ደገፍ፣ሕክምናዊ ወጻኢታት።
- ናይ መጓዓዝያ ወጻኢታት።
- ናይ ቶርጎምቲ ቛንቛ ወጻኢታት።

ነፍሲ ወከፍ ሰብ ዝተፈላለየ ጉዳይ ስለዘለዎ፣ ብኡ መጠን ከኣ ካብዚ ወጻኢ መሰል ክህልዎ ይኽእል ኢዩ።

እዞም ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለዎ ቀረባት ብ ሶስያል ኣምት (Sozialamt) ዝውሰኑ ኰይኖም፣ ብሓፈሻ ዘይኰኑስ በብሓደ እዮም ዝረኣዩ። ኣብ ኣገዳሲ ግዜ ከኣ መሰልኩም ንክማልእልኩም፣ ብቑዕ ምኽንያት ወይ ድማ መሰነይታ ወረቐት ከተምጽኡ ኣለኩም። ኣብዚ ጉዳይ እዚ ርግጸኛታት እንተ ዘይኰንኩም፣ ናብ ኣማኸርቲ ሕግን፣ ኣማኸርቲ ሓተትቲ ዑቕባን ተወከሱ።

## ሓኪም ካብ ፋርማሲ መድሃኒት እንተ ኣዚዘለይ፣ ማለት ወረቐት ናይ መድሃኒት (Rezept) እንታይ ክገብር ኣለኒ፧ ገንዘብ ከ ክኸፍል ድየ፧

መብዛሕቲኡ ግዜ መድሃኒት ብመሰነይታ ወረቐት (Rezept) ኣብ ፋርማሲ ብናጻ እዩ

ዝ ወሃበካ። እቲ ናይ ናጻ ክፍሊት ከካብ ዘባካ ዝወሃበካ ኰይኑ ኣብቲ ናይ መድሃኒት ብመሰነይታ ወረቐት (Rezept) ከኣ ኩሉ ተጻሒፍልኩም ኣሎ።

## ገብመሰረት ሕጊ ናይ ሓተትቲ ዑቕባ ብ ዓንቐጽ §1( AsylbLG) ዶሞዘይ ምስ ዝቐረጸኒ፣ ናይ ክንክን ጥዕና መሰል ኣለኒ ዲዩ ፧

እወ፣ ኣብ ግዜ ሕማም፣ ቃንዛ፣ ከምኡ ውን ተላባዒ ሕማም ምስ

ዝህልዎኩም ናብ ሓኪም ክትከዱ ይፍቐደኩም እዩ። ዋላ ውን ዶሞዝኩም ብመሰረት ሕጊ ናይ ሓተትቲ ዑቕባ ብ ዓንቐጽ §1 (AsylbLG) እንተ ተቆርጸ፣ እቲ ምሕከሚ ገንዘብ ሶስያልኣምት (Sozialamt) እዩ ዝኸፍሎ።

ከምኡ ውን ሓደ ሓደ እዋን እቲ ን ሶስያልኣምት (Sozialamt) ብዛዕባ ሕክምናዊ ክንክን እነቕርቦ ሕቶ ክንጸግ ይኽእል ኢዩ።

ኣብ ኩሉ መዳያት ሕቶኹም ምስ ዝንጸግ፣ ዶሞዝኩም ምስ ዝቑረጽ፣ብመልክዕ ጽሑፍ ክወሃበኩም ኣለዎ። ብተወሳኺ ውን ብቑልጡፍ ናብ ኣማኸርቲ ሕጊ ወይ ውን ናብ ኣማኸርቲ ሓተትቲ ዑቅባ ክትውከሱ ኣለኩም። እቲ ናይ ይግባይ መሰልኩም፣ ኣብቲ እትወሃቡዎ ወረቐት ተጻሒፉ ስለ ዘሎ፣ ዕለቱ ከይወደቐ ይግባይ ክትብሉ ኣለኩም።(»Widerspruchsfrisst«)

## ኣብ ግዜ ሽግር ንመን ክዉከሶ ይክእል፧

ናብ ኣማኸርቲ ሕግን ከምኡ ውን ብፍሉይ ዘማኽሩን ተሓጋገዝትን ኣብ ቤት-ጽሕፈት ይኹን ወይ ውን ብመስመር ተሌፎን ብዛዕባ ናይ ዶሞዝን ናይ ዑቅባ መሰልን ብዝምልከት ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። ዝምላእ ወረቐት ምስ ዝህልወኩም ካብቶም ሰራሕተኛታት ሓገዝ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ብተወሳኺ ጠበቓ ኣብ እትደሊሉ እዋን፣ እቶም ሰራሕተኛታት ብቀሊል ጠበቓ ክትረኽቡ ክሕግዝኹም ይኽእሉ እዮም።

ብዝያዳ ኣብዚ ታሕቲ ዘሎ ጥብቆ (link) ኣቲኩም ምሉእ ኣድራሻን ስምን ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

- *www.fluechtlingsrat-lsa.de/adressen-und-beratungs-stellen/kontakte-landesweit*

(MediNetze) ዝብሃሉ ጉጅለ ነቶም መንበሪ ወረቐት ዘይብሎም ሰባት ምሉእ ኣገልግሎት ናይ ጥዕናዊ ክንክን ንኽረኽቡ ዝነጥፉ ኢዮም።

ኣብ ዞባ ዛክሰን፣ኣንሃልት (Sachsen-Anhalt) ኣብ ከተማ Magdeburg ን Halle-Saale ይርከቡ።

- *www.medinetz-magdeburg.de*
- *www.medinetz-halle.org*
- *https://refugeephrasebook.de/medical-phrases/*
- *https://medinetz-halle.org/gesundheitsheft-download*

ኣማኸርቲ ሓተቲ ዑቕባ ናይ (Sachsen-Anhalt) ዘይመንግስታዊ (NGO) ትካል ኮይኑ ንመሰል ሓተቲ ዑቕባ ዝጣበቕ ኢዩ። ንጉዳይኩም ዝምልከት ምሉእ ሓገዝ ከነበርክተልኩምን፣ ከምኡ ውን ናብ ዝምልከቶ ኣካል ከነሳጋግረኩም ንኽእል ኢና።

## ተወሳኺ ሕቶ ወይ ውን ሓገዝ ምስ እትደልዩ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱና።

**Büro Magdeburg**
**Schellingstraße 3-4,**
**39104 Magdeburg**
**0049 391-50 54 96 13**

**Büro Halle**
**Landsberger Straße 1,**
**06112 Halle (Saale)**
**0049 345-44 50 25 21**

**info@fluechtlingsrat-lsa.de**
**www.fluechtlingsrat-lsa.de**
**/fluechtlingsrat.lsa**
**/FlueRa_ST**

Flüchtlingsrat
Sachsen-Anhalt e. V.

Der Flüchtlingsrat Sachsen-Anhalt e.V. ist eine NGO, die sich für die Menschenrechte geflüchteter Menschen einsetzt. Wir können Sie in Ihren Anliegen mit Lobby-, Öffentlichkeitsarbeit und Vernetzung mit anderen unterstützen und Sie an weiterführende Beratung verweisen.